# እግዚኣብሄር ብፈተና ህይወትና ክልውጥ ይደሊ

ደቂ ሰባት ኵሉ ጊዜ፣ እግዚኣብሄር ንዘሎናዮ ኵነታት፣ ናብ ጽቡቕ ክልውጠልና ጥራሕ ክንደሊ ከሎና፣ እግዚኣብሄር ከኣ ነቲ ዘሎናዮ ኵነታት ተጠቒሙ ንዓና ክልውጠናዩ ዝደሊ።

ኣብ ህይወት ክርስትና ክንመላለስ ከሎና፣ ናብራና ጥጡሕ ክም ዝከውን፣ እግዚኣብሄር ከኣ ንዘጋጥመና መከራታት ኩሉ ክኣልዮ ግዴታ ከም ዘለዎ ጌርና ንሓስብ ኢና። እቲ ሓቂ ግን ኣብ ግዜ መከራ፣ እግዚኣብሄር ንዓበይቲ ነገራትን መደባትን እዩ ዘዳልወና። እግዚኣብሄር ነቶም ዘጋጥሙና ከበድቲ ኵነታት እንተ ኣርሒቑዎም ምናልባት ናብ ብጽሕና ገጽና ከይዓበና ክንተርፍ ንክእል ኢና።

ሃዋርያ ያእቆብ ክምዕድ ከሎ ከምዚ ዝስዕብ ኢሉ፣ “ኣሕዋተይ፣ በበይኑ ዝኮነ ፈተና እንተ በጽሓኩም ንኩሉ ከም ሓጐስ ቍጸርዎ። እቲ ምፍታን እምነትኩም ትዕግስቲ ከም ዝገብር ፈሊጥኩምሲ፣ ብሓንቲ እኳ ከይጐደልኩም ፍጹማትን ምሉኣትን ምእንቲ ክትኮኑ፣ እታ ትዕግስቲ ፍጹም ግብሪ ይሃልዋ” (ያዕ1፣2-4)። ብተወሳኺ “እቲ ምፍታን እምነትኩም ብምግሃድ ኢየሱስ ክርስቶስ ንምስጋናን ስብሓትን ክብርን ብሓዊ ካብ ዝኰላዕ ሓላፊ ወርቂ ኣዝዩ ከቢሩ ምእንቲ ኪርከብ፣ እንተ ኣድለየስ ሕጂ ብብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና ምስ ጕሄኩም፣ ብእኡ ክትሕጐሱ ኢኩም” ዝብል ቃል ኣለና (1ጴጥ1፣6-7)። ስለዚ፣ ብካልእ ኣዘራርባ ብዙሕ ዝዓይነቱ ፈተና እንተ በጽሓና ከምቲ ኣብ ሮሜ 8፣28 ‘ነቶም ንኣምላክ ዜፍቅሩ፣ ከም ምክሩ'ውን ኣተጸውዑ ግና ኵሉ ንሰናይ ከም ዚድግፎም፣



ንፈልጥ ኢና” እተጻሕፈ፣ እግዚኣብሄር ካብቲ ንሓልፎ ከቢድ ኵነታት፣ እምነትና ብምፍታን ዝያዳ ናብኡ ብምቕራብ፣ ንጥቕምና ዝከውን ብዙሕ ጽቡቕ ነገራት ከም ዘውጽኣልና ቃል ኣትዩልና እዩ’ሞ በዚ ክንሕጐስን ባህ ክብለናን ይግብኣና እዩ።

እቶም ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ተጠቒሶም ዘለዉ ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት፣ ዓበይቲ ነገራት ክፍጽሙ እንከለዉ ዳርጋ ኵሎም ብኣዚዩ ከቢድ ዝኮነ ኵነታት እናሓለፉ እዮም ፈጺሞሞ። ንኣብነት፣ ‘እዚ ሰብኣይ እዚ ኣብ ቅድሚ ኣህዛብን ኣብ ቅድሚ ነገስታትን ኣብ ቅድሚ ደቂ እስራኤልን ስመይ ክጸውር፣ ንኣይ ሕሩይ ኣቕሓ እዩ እሞ፣ ምእንቲ ስመይ ክንደይ ብዙሕ ሓሳረ መከራ ኪጸግብ ከም ዚግብኦ ከርእዮ እየ’ ከም እተጻሕፈ ሃዋርያ ጳውሎስ፣ ንክርስቶስ ክስዕብ ካብ ዝውስን ንደሓር፣ ብፍላይ ከኣ ወንጌል ክሰብክ ምስ ጀመረ ብከቢድ መከራን ፈተናን’ዩ ሓሊፉ (ግብ9፣15-16)። ሃዋርያ ጳውሎስ ባዕሉ ንዝሓለፎ ከቢድ ኵነታት ክገልጽ እንከሎ ‘ብኣይሁድ ሓሙሽተ ግዜ ነርብዓ ሓደ ጐደል ተገሪፈ....። ሰለስተ ሳዕ ብሽመል ተዘቢጠ። ሓደ ሳዕ በእማን ቀጥቀጡኒ፣ ሰለስተ ሳዕ እታ ዝነበርኩዋ መርከብ ተሰብረት፣ ለይትን መዓልትን ኣብቲ ማዕሙቕ ባሕሪ ሓዲረ ወዓልኩ። ብዙሕ ግዜ ኣብ መገሻታት ነይረ። ኣብ ርባታት ብፍርሃት፣ ካብ ከተርቲ ብፍርሃት፣ ካብ ደቂ ዓደይ ብፍርሃት፣ ካብ ኣህዛብ ብፍርሃት፣ ኣብ ከተማ ብፍርሃት፣ ኣብ በረካ ብፍርሃት፣ ኣብ ባሕሪ ብፍርሒ፣ ኣብ ማእከል ኣሕዋት ሓሶት ብፍርሃት እየ ዝነበርኩ። ብዕዮን ብጻዕርን፣ ብዙሕ ጊዜ ብምንቃሕ፣ ብጥሜትን ብጽምእን፣ ብዙሕ ጊዜ ብጾም፣ ብቑርን ዕርቃንን ነይረ’ እናበለ ይዝርዝር (2ቆረ11፣24-27)።

ሃዋርያ ጳውሎስ ምእንቲ ወንጌል ብዘይ መጠን መከራ ጸጊቡ እዩ። እንተኮነ፡ እዚ ኵሉ ኵነታት፡ ንሃዋርያ ጳውሎስ ብእምነት ኣዕበዮ፡ ንኣምላክ ዝያዳ ፍቕሪ ስለ ዘጥረየሉ ድማ፡ ንምስፋሕ ወንጌል ልዕሊ ኵሉ ጸዓተ። በዚ ምክንያት እዚ ከኣ ሃዋርያ ጳውሎስ ኣብ ሓድሽ ኪዳን ድሕሪ ጐይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ እቲ ኣዝዩ ኣገዳሲ ናይ ኣምላክ ሰብ ተባሂሉ ይፍለጥ። እዚ ከኣ፡ ብምክንያት እቲ ዝሓለፎ በበይኑ ዝዓይነቱ መከራ ዝያዳ ናብ ኣምላክ ስለ ዝቐረበን ዓቢ መስካሪ ወንጌል ጐይታ ኢየሱስ ስለ ዝኾነን እዩ። ንሕና ከኣ ንክትጕዓዞ ምቹእ ዘይኮነ ኵነታትን መገድታትን ክንሓልፍ ከሎና፡ ነዞም ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ጀጋኑ እናሓሰብና ብተስፋ ክንጕዓዝ ንክእል ኢና።

እዚ መስርሕ እዚ ዳርጋ ኣብ ኵሎም እቶም ዓበይቲ ናይ እግዚኣብሄር ሰባት ከም ዝተጋህደ መጽሓፍ ቅዱስ ይምስክረልና። በዚ ናይ ፈተናን መከራን እዋንን ኵነታትን ሓሊፎም ጽንዓትን ክርስቶሳዊ ባህርይ ስለ ዘጥረዩ ከኣ ኵሉ ግዜ ብኣክብሮት እናተጠቕሱ ይነብሩ ኣለዉ። ሃዋርያ ጳውሎስ ነዚ ኵሉ ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘረ መከራ ክቕበል ፍቓደ እንተ ዘይነብር ከም ተራ ኣማኒ ኣብ መጽሓፍ ቅዱስ ስሙ ከይተጠቕሰ ምሓለፈ ነይሩ። ንሕና ድማ ሕጂ በበይኑ ዝዓይነቱ ፈተናን መከራን ክበጽሓና ከሎ ኵሉ ሳዕ ንእግዚኣብሄር ነዚ ኵነታት ክኣልየልና ኣብ ክንዲ ምልማን ሂወትና ዝልወጠሉን ብገለ እኳ ከይጐደልና ናብ ብጽሕናን ፍጽምናን ገጽና ንዓብየሉን ዕድል ጌርና ክንርእዮ ይሕሸና። 'እቲ ብክርስቶስ ኢየሱስ ናብ ናይ ዘልኣለም ክብሩ ዝጸዋዓኩም ኣምላክ ኩሉ ጸጋ፡ ቍሩብ ጊዜ ሓሳረ መከራ ምስ ጸገብኩም፡ ንሱ ክፍጽመኩም፡ ከጽንዓኩም፡ ከበርትዓኩም፡



ክስርተኩም'ውን እዩ። ንዘልኣለም ኣለመ ንእኡ ክብርን ስልጣንን ይኩን። ኣሜን' (1ጴጥ5፡10-11)።

ክብሪ ንእግዚኣብሄር ኣምላክና ይኩን።